Tigrignia

# ክንየው እቲ መካበብያ ቤት ትምህርቲ፡ ጽሟቕ ጸብጻብ

**ግንቦት 2008 ዝተሓትመ ጸብጻብ**

እዚ '*ክንየው እቲ መካበብያ ቤት ትምህርቲ*' ዝበሃል ጸብጻብ በቲ ኣብ 2005 ዝጀመረ ኣካል ናይ *ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ፕሮጀክት ዘጠቓልል (Inclusive Secondary Schools Project)*፡ መጽናዕቲ ዝተረኸበ ውጽኢት የቕርብ። እዚ ድማ ብቤት ምኽሪ ስደተኛታት ተዳልዩ፡ ብ KPMG Foundation ዝምወል መጽናዕቲ እዩ። ናይቲ ፕሮጀክት ጠቕላላ ዓላማ፡ ቤት ትምህርትታት ምስ መንእሰያት ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቕባን፣ ስድራቤቶምን ከምእውን ናይ ስደተኛታት ኮሚኒቲ ማሕበር (RCOs) ብኸመይ ክራኸባ ከምዝኽእላ መጽናዕቲ ምግባርን፡ ሓድሽ መንገዲ ምፍጣርን እዩ። እቲ ጸብጻብ ድማ፡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ንዘለዉ ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቕባን ድሌቶምን ተሞክሮኦምን፡ ምስቲ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝግበር ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ብምንጽጻር ዝግበር ናይ መጽናዕቲ ውጽኢት ዝገልጽ እዩ። እቲ *ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ፕሮጀክት ዘጠቓልል* ድማ፡ ኣብ ልዕሊ ወለዲ/ኣለይቲ ከምእውን ግሩም ዝኾነ ተግባራት ኣብ ምምዕባል ጽልዋ ዝገብሩ ረቛሒታት ኣቓልቦ ብምግባር፡ ኣብ ሞንጎ ቤት ትምህርታትን ናይ ስደተኛታት ኮሚኒቲ/ሓገዝ ማሕበር ናይ መጽናዕቲ ዝምድና የዳሉ። ካብቲ መጽናዕቲን ካብቲ ናይ ዕብየት ደረጃን ዝተረኽቡ ውጽኢታት፡ ንቤት ትምህርትታት ከምእውን ንስደተኛታት/ናይ ደገፍ ማሕበራት ንናይ ስደተኛታት ኮሚኒቲ ኣብ ትምህርቲ ዘለዎም ተሳትፎ ንምድንፋዕ መሰረታዊ ዝኾነ ምንጪ ሓገዝ የቕርብ።

እቲ ኣብቲ ጸብጻብ ተገሊጹ ዘሎ መጽናዕቲ ጥልቅ ዝበሉ 70 ቃለመሕትት ሕቶታትን ምስ RCOs፡ ካልኣይ ደረጃ ቤት ምህርትታት ከምእውን ናይ ከባቢ በዓል መዚ ዝተገብረ ናይ ጽሑፍ መሕትት ዘጠቓልል እዩ፡ ዕላምኡ ድማ፣

- ናይዞም ጉጅለታት እዚኣቶም፡ ተሞክሮታትን ድሌታትን ንምርምር
- ንምስታፍ ዘገትኡ ቀንዲ ዕንቅፋት ፈሊኻ ምልላይን
- ከምእውን፡ ነዞም ዕንቅፋታት እዚኣቶም ንምውጋድ ተግባራዊ ዝኾኑ ኣብነታት ንምንዳይ እዩ።

እቲ ፖሊሲን ሕጋዊ ትሕቶታት ዘለዎም መግለጽታትን፣ ከምእውን ናይቲ መጽናዕቲ መልክዕ/ዲዛይን ኣብ ምዕራፍ ክልተን ሰለስተን ብዝርዝር ተገሊጾም ኣለዉ። ምዕራፍ ኣርባዕተ ድማ፡ ናይ መንእሰያትን ወለድን/ኣለይትን ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዘለዎም ናይ ትምህርቲ ተሞክሮ ይምርምር። ምዕራፍ ሓሙሽተ፡ ኣብ ትምህርቲ ተደላይነትን ዓወትን ዘሎ ዕንቅፋታት ክምርምር እንከሎ፡ ምዕራፍ ሽዱሽተ ድማ ነዞም ዕንቅፋታት እዚኣቶም ንምስዓር ንስደተኛታት ዝኽግዞም ቀንዲ ልምምድ እንታይ ምዃኑ ይገልጽ። እዚ ጽብጻብ ኣብ መወዳእታ፡ እቶም ዋናታት ወይ ተሓዝቲ ንብረት፡ ድሌታት ኮሚኒቲ ስደተኛታት ንምምላእ፡ እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ምኽሪ ብምሃብ ይዓጹ።

## ተሞክሮ ከምእውን ተሳትፎ

**መንእሰያት ኣብዚ መጽናዕቲ እዚ፡ ንኣብነት ካብ ሓደ ኣኼባ ናብ ካልእ ብብዝሒ ዝዘውተር ርክባት ብምፍጻም ወለድን/ኣለይትን ዝለዓለ ደረጃ ተሳትፎ ከምዘለዎም ክርድኡ ኪኢሎም። ቋንቋ እንግሊዘኛ ብደምቢ ዘይምፍላጥ ዕንቅፋክ ክኸውን እኳ እንተኽኣለ፡ እዚ ዕንቅፋት'ዚ ብዘየገድስ ወለዲ ምስታፎም ክቕጽሉ እንከለዉ፡ መንእሰያት ድማ ካብ ወለዲ/ኣለይትን ዝረኽብዎ ደገፍ ብዝምልከት ብሓፈሻ ኣወንታዊ ዝኾነ ኣረኣእያ ኣለዎም።**

**ወለዲ/ኣለይትን ቤት ትምህርትታት ብዝምልከት ሓፈሻዊ ዝኾነ ደረጃ ዕጋበት ኤርዮም። ደረጃ ተሳትፎ ብፍላይ፡ ብቤት ትምህርቲ ይኹን በቶም ሓገዝትን ዝርድኡ ሰራሕተኛታት ብግሩም ምርድዳእ ምስረኸቡ፡ ዝለዓለ ተሳትፎ ኣርእዮም። ሓደሓደ ወለዲ/ኣለይትን ተሳትፎ ብኸመይ ክመሓየሽ ከምዝኽእል፡ ንኣብነት ብዝበለጸ ምዝርራብን ነቐፌታ ምልውዋጥን፡ ዝኣመሰሉ መንገዲታት ኣሚሞም።**

British Refugee Council, (commonly called the Refugee Council) is a company limited by guarantee registered in England and Wales, [No 2727514] and a registered charity, [No 1014576].
Registered office: 240-250 Ferndale Road, London SW9 8BB, United Kingdom, VAT reg no: 936 519 988

ቤት ትምህርታት ውጽኢታዊ ዝኾነ ተሳትፎ ኣብ ናይ መንእሰያት ደሕንነትን ዓወትን ኣገዳሲ ረቛሒ ምዃኑ ከምእውን ንወለዲ/ኣለይትን ኣብ ናይ ደቆም ዓውደ ትምህርቲ ንኽሳተፉ ዘተባብዕ ምዃኑ ኣለልየን። እንተኾነ ግና፡ ሓደሓደ ቤት ትምህርትታት ንወለዲ/ኣለይትን ከምዝሳተፉ ምግባር ኣሸጋሪ ምዃኑ ከተሓሳስባ እንከለዋ፡ ሓንጎፋይ ኢሉ ዝቕበል ከባቢን ምትብባዕን ኣገዳሲ ምዃኑ ተገንዚበን።

**RCOs** ኣብዚ መጽናዕቲ፡ ብዛዕባ ተማሃሮ ዝርአ ናይ ዘይምዕዋት ስኽፍታታትን ከምእውን ዕዮ ቤት ትምህርትን ናይ ጠባይ ሽግራትን ዘጠቓለለ ንድሌታት ዘማልእ ምስ ትምህርቲ ዝተሓሓዝ ዝተፈላለየ ኣገልግሎታት ኣቕሪቡ። ከምእውን RCOs ዝለዓለ ዓወት ናይ ምርካብ፣ ናይ መንእያት ባህልን ቋንቋን ምትብባዕ፣ ከምእውን ንወለዲ ቋንቋ እንግሊዘኛ ብምምሃር ከምዝሳተፉ ምሕጋዝ ዝኣመሳሰሉ ኣድለይቲ ምዃኖም ተገንዚቡ። ወለዲ/ኣለይትን ካብ ደቆም ወጻኢ ንምስታፍ ስለዝኸብዶም፡ RCOs ምድጋፎም ኣድላዩ ምዃኑ ገሊጹ።

## ዕንቅፋት ኣብ ምስታፍ

እብዚ መጽናዕቲ መንእሰያት ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቕባን ከምእውን ወለዲ/ኣለይትን ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ብደምቢ ንኽይሳተፉ ዕንቅፋት ዝኾኑ ቀንዲ ነገራት ክፍለጥ ተኻኢሉ።

- እቶም ተሳተፍቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ቦታታት ንምርካብ ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ሽግራት ኔርዎም፤ ንኣብነት ቦታ ንምርካብ ክጽበዩ (ክሳብ ሸውዓተ ወርሒ ዝኣክል) ምድንጓያት ኔሩ። ካብ ዝተፈለለዩ ምንጭታት ዝቐረቡ ሓገዛት፡ ንመብዛሕትኦም ተሳተፍቲ ካብዚ ምድንጓያት ክከላኸለሎም ኣይከኣለን።
- ባእሲ ከምእውን ዓሌትነት፡ እዚ ሽግር'ዚ ብመንእሰያትን ከምእውን ብ RCOs ከም ዓቢ ሽግር ኮይኑ ተላዒሉ ኔሩ። እቶም መንእሰያት ዝገደደ ምውራድ ምእንቲ ከይወርዶም ብምፍራህ ስደተኛታት ወይ ሓተቲ ዑቕባ ምዃኖም ወይድማ ብዛዕባ ዝሓለፈ ህይወቶም ካብ ምዝራብ ከምዝቑተቡ ክፍለጥ ተኻኢሉ። RCOs እዚ ጉዳይ እዚ መመሊሶም ክሰርሕሉ ዘለዎም ጉዳይ ምዃኑ ተገንዚቡ።
- ወልዲ ንኽይሳተፉ ናይ ገንዘብ ዕንቅፋት ከምዘሎ ገሊጾም፡ ንኣብነት ንካልእ ናይ ትምህርቲ ተወሳኺ ምንቅስቓሳት ዘድሊ ናይ ገንዘብ ሓገዝ፣ ከምእውን ናይ ትምህርቲ መጻሕፍቲ፣ ዩኒፎርም፣ ከምእውን ካልእ ዝተሓሓዝ ነገር፡ ንምምላእ ዘጋጥም ሽግራት፤፡ እዚ ድማ መንእሰያት ኣብ ቤት ትምህርቶም ንኽሳተፉ ዘለዎም ዓቕሚ ኣሉታዊ ጽልዋ ኣሕዲሩ።
- **RCOs**፡ ምስ ትምህርቲ ዝተኣሳሰር ኣገልግሎታት ዝኸውን ገንዘብ ናይ ምርካብ ሽግር ዘሰዓበ፡ ከምእውን ኣገልግሎታት ንምሃብ ናይ ናጻ ወይ ሕሱር ዋጋ ዝኾነ ቦታ ኣብ ምርካብ ሕጽረት ናይ መሳለጢያታት ከምዘሎ ጸብጻብ ኣቕሪቡ። ተሳትፎ ንምትብባዕ ዝውሃብ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ብዙሕ ግዜ ናይ ሓጺር ግዜ ስለዝኾነ፡ ምንቅስቓሳት ኣብ ዝህልውሉ ግዜ በዚ ድሩት ይኾኑ።
- RCOs ከምእውን ኣብያተ ትምህርትታት ንሰራሕተኛታትን መምሃራንን ዕዉት ዝኮነ ስልጠና ንምሃብ ናይ መሳለጢያ ሕጽረት ስለዘጋጠሞም ተደላዩ ምኽሪ ንምሃብ ወይድማ ናይ መምሃራን ኣፍልጠ ኣቓልቦ ንምልዓል ዘለዎም ክእለት ክድርቶ ክኢሉ።
- ኣብዚ ናይ ትምህርቲ መስርሕ፡ ናይ ቋንቋ እግሊዘኛ ሕጽረት ምስ ወለዲ/ኣለይቲ ዕውት ዝኾነ ምትእስሳር ከይግበር ቀንዲ ዕንቅፋት ኮይኑ ኔሩ። ኣብያተ ትምህርቲ ናይ ተማሃሮ ዕብየት ንምዝርራብ ሽግር ከምዝነበረ ይገልጻ፤ እዚ ዝኾነሉ ድማ ብፍላይ ኣብ መንእሰያት ከም ኣስተርጎምቲ ኣብ ዝምርኮሳሉ እዋን እዩ።
- ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዑቕባ ኣሰራርሓ ንባዕሉ፡ ነቶም ኣብ ዓውደ ትምህርቲ ዘለዉ እሞ ከይስጎጉ ዝፈርሑ ሓተቲ ዑቕባ ዘጋጥሞም ምጥርጣር ዘጠቓልል ሓያሎ ዕንቅፋታት ኣስዒቡ እዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ግዚያዊ መንበሪ ኣባይቲታት ፋሕ ምባል ቀልዑ ደጋጊምካ ናብ ሓደሽቲ ኣብያተ ትምህርትታት ምምዳብ ማለት እዩ፤ እዚ ድማ ኣብ ምቅርራብ፣ ምሕዝነት ምቕጻልን ካብ ማሕበረሰብ ሕገዝ ናይ ምቕባልን ክእለቶም ብሰፊሑ ኣሉታዊ ጽልዋ ይገብረሉ ማለት እዩ።
- ናይ ስምባደን ፍርሕን ሕማም ምስ ዘጋጥም ኣብ ናይ ቆልዑ ጠባያት ብፍላይ ድማ ምስ መማሃራኖምን መሳትኦምን ዘለዎም ኣቀራርባ ዓቢ ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል እዩ።
- መንእሰያትን ወለዲ/ኣለይትን ናይ ኣብያተ ትምህርትታት ኣሰራርሓ ናይ ምፍላጥ ሕጽረት ክህልዎም ይኽእል እዩ፤ እዚ ድማ ብዙሕ ግዜ ትምህርቲ ዘፍርህን ዘደናግርን ኰይኑ ይረኽብዎ።
- ምንም እኳ RCOs ናይ ኣብያተ ትምህርቲ ኣሰራርሓ ንምምሕያሽ ዓቢ ተራ ዘለዎ ትካል እንተኾነ፡ ምስ ቤት ትምህርቲ ዘለዎም ድሩት ርክብ ከምእውን ኣብያተ ትምህርቲ ምስ RCOs ብደምቢ ምፍላጥን ምዝርራብን ስለዘየዘውትራ፡ ነዞም ሽግራት ኣብ ምቁጽጻር ተሓባቢርካ ናይ ምስራሕ ክእለት ክሓጽር ይኽእል እዩ።

## ናይ ስደተኛታትን ሓትቲ ዑቕባን ድሌታት ምምላእ

እዚ ፕሮጀክት ነዞም ኣብ ላዕሊ ተገሊጾም ዘለው ሕጽረታት ንምምካት ብዓይነቶም ዝተፈለለዩ ምንቅስቃሳት ኣለልዩ ኣሉ። እዞም ምንቅስቃሳት ድማ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ፥

- ስደተኛታት ወለዲ/ኣለይቲ ኣብተን ኣብያተ ትምህርታታ ከምእውን ካብኡ ወጻኢ ኣብቲ ማሕበረሰብ ዓቢ ንኽሳተፉ ከምእውን መንእሰያት ንምስታፍ፡ ሰፊሕ ናይ ትምህርቲ ምንቅስቃሳት ካብ ናይ ትምህርቲ ወጻኢ ምቕራብ።
- ሓደሓደ RCOs ምስ ትምህርቲ ዝተኣሳሰር ምንቅስቓሳት ንምሃብ ናይ ገንዘብ ሓገዛት የበርክቱ።
- ሓደሓደ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ሞንጎ ማሕበረሰብን ኣብያተ ትምህርትን ኣድላዩ ዝኾነ ዝምድና ክፈጥሩ ዝኽእሉ ኣብ ገዛን ኣብ ማሕበረሰብን ትምህርቲ ዝህቡ ሰባት ይቖጽሩ። ሓደሓደ ኣብያተ ትምህርቲ ድማ ነዚ ዕዮ እዚ ንምፍጻም ስሩዕ ዘይኮነ ማሕበረሰብ ይጥቀማ።
- ኣብያተ ትምህርቲ ከምእውን RCOs ኣብ ምምሃር፣ ምስታፍ ከምእውን ሓፈሻዊ ደገፍ ኣብ ምርካብ ዝሕግዙ ብመዘነኦም ትምህርቲ ከምዝህቡ ሓቢሮም።
- ሒደት ኣብያተ ትምህርቲ ድማ፡ ናይ ፍርሒ ሕማም ንዘለዎም መንእሰያት ስነኣእምራዊ ደገፍ ንምሃብ፡ ምስ ኣገልግሎት ዝህቡ ክኢላታት ድልዱል ዝኾነ ዝምድና ፈጢሮም።
- ናይ ቋንቋ ሓገዝ ምሃብ ከም ኣዝዩ ኣድላዪ ጉዳይ ተወሲዱ፡ ብዙሕ ግዜ ድማ በቲ ቀንዲ ናይ ኣግልግሎት መውሃቢ መንገዲ ክወሃብ ጸኒሑ። እንተኾነ ግና፡ ካልኦት ብዙሓት መንገዲታት ከምኒ ብRCOs ከምእውን ኣብያተ ትምህርቲ ዝወሃብ ናይ ቀዳም መዓልቲ ትምህርቲ ዝኣመሰሉ ተጀሚሮም።
- ሓደሓደ ኣብያተ ትምህርቲ ድማ ናይ ትምህርቲ ጽሑፋት ንወለዲ/ኣለይቲ ምትርጓመን ይነግራ።
- ብዙሓት ኣብያተ ትምህርቲ ንወለዲ/ኣለይቲ ዝተደራጀወ ናይ ምስታፍ ኣገልግሎት ይህባ፤ እዚ ድማ ብዙሕ ግዜ እቲ ዘቕርቦ ሓበሬታ ኣብ ግዜ ናይ ምቕባል ኣሰራርሓን ሓበሬታኡ የቕርብ። ሓደሓደ ኣብያተ ትምህርቲ ንናይ መንእሰያት ስደተኛታት ድሌት ዘማልኡ ዝተተርጎሙ ሓጸርቲ ጽሑፋት ኣዳልዋ እየን።
- ከምእውን RCOs ንወለዲ/ኣለይቲ ብዛዕባ ናይ ቋንቋ እንግሊዘኛ ስርዓት ትምህርቲ፡ ከምኢኒ ሓደ ሰብ ንሓደ ሰብ ዝወሃብ ምኽሪ ከምእውን ንደቆም ኣብ ትምህርቲ ብኸመይ ክሕግዙ ከምዝኽእሉ ዘጠቓልል ሓበሬታ ሂቦም።
- ሓደሓደ ኣብያተ ትምህርቲ ድማ ከምኢኒ ናይ ቡን ንግሆ ከምእውን ናብ ናይ ስደተኛታት ሕብረተሰብ ዝግበር ምብጻሕ ዝኣመሰሉ፡ ነይ ቀጻሊ ዝኾነ ምስታፍ መንገዲ ፈጢረን።
- ናይ መንእሰያት ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቕባን ከምእውን ወለዶም ዘለዎም ናይ ትምህርቲ ተመክሮ ንምምሕያሽ፡ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርትን RCOsን ብኸመይ ተሓባቢሮም ከምዝሰርሑ ኣብነታት ቀሪቡ።

## መደምደምታን ምኽርን

እቲ ጸብጻብ እቶም ንወነንቲ ንብረት ንናይ ስደተኛታት ማሕበረሰብ ድሌት ብዝበለጸ መንገዲ ሓገዝ ክህቡ ከምዝኽእሉ ምኽርታት ብምቕራብ ደምዲሙ። እዚም ወነንቲ ንብረት ዝበሃሉ፡ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፣ ናይ ከባቢ በዓል መዚ፣ RCOs፣ ንስደተኛታት ዝድግፉ ማሕበራትን ናይ መንግስቲ ትካላትን ዘጠቓልል እዩ።

ብዛዕባ ኣብያተ ትምህርት ከምእውን RCOs ድሌታት ስደተኛታት ቀልዑ ብኸመይ ከማልኡ ከምዝኽእሉ ዝተገብረ መጽናዕትን፡ ውጺቱን ምሉእ ትሕዝቶ ከም ክፋል ናይ *ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ፕሮጀክት ዘጠቓልል (Inclusive Secondary Schools Project)* ኣብዚ መርበብ ሓበረታ እዚ ክርከብ ይከኣል፡
www.refugeecouncil.org.uk/inclusiveschools